# ኣገዳሲ ሓበሬታ - ፈስቲቫል ኤርትራ ቦሎኛ 1986

## ንኹሉ ሃገራዊ ኤርትራዊ

እዋኑ እዋን ፈስቲቫላት ኤርትራ ኣብ ሙሉእ ዓለም ኤርትራውያን ዘለዉወን ሃገራት ዝንገደሉ ስለ ዝኾነ
እስከ ነዛ ኣብ 1986 ንፈስቲቫል ቦሎኛ ኣመልኪታ ዝተጻሕፈት ጽሕፍቲ ነንብብ።



# ኣገዳሲ ሓበሬታ — ፈስቲቫል ኤርትራ ቦሎኛ -1986

## ንኹሉ ሃገራዊ ኤርትራዊ

ካብ 1974 ጀሚሩ፡ ኤርትራውያን ብቲ ኣብ ሃገሮም ዚካየድ ዘሎ ቓልሲ ንምዝታይን ንምክትታሉን ኣብ ከተማ ቦሎኛ ኢጣልያ ብሬሕ ምትእኽኻብን ኣኼባታትን ኪካየድ ከምዝጸንሐ ዚዘከር ኢዩ፡፡
እዚ ኣጋጣሚ'ዚ ብብዝሒ ተሳታፍነቱ ይኹን ብዓይነት ናይ ኣቀራርባ መደባቱ እናዓበየን እናማዕበለን ኪመጽእ ከምዝጸንሐ ዘይከሓድ ኢዩ፡፡
እቲ ናይ ሓፋሽ ውድባት ኣብ ኤውሮጳ ኣኼባታቱ ኣብ ክልተ ዓመት ድሕሪ'ምስጋገሩ ከኣ፡ እታ ሓንቲ ዓመት ማለት ኣኼባታት ዘይካየደላ ብመልክዕ ፈስቲቫል ንኽትክበር ተገብረ፡፡ ብኸፊል ናይ እዚ መደብ'ዚ ከኣ ብ 1984 ፈስቲቫል ኤርትራ ተኻየደ፡፡
ብመጠን ተሳታፍነትን ብዓይነት መደባትን ከኣ ኪርስዕ ዘይከኣል ኣጋጣሚ ከምዝነበረ ዝዝከር ኢዩ፡፡
ይኹን እምበር ፈስቲቫል ኪህሉ ኣንከሎ፡ ካብ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ወጻኢ ጌርም ዝርእዩዎ ውሑዳት ስለዘለዉ ናይ ሎሚ ዓመት መደብና ዘለዎ መልእኽቲ ብሓጺሩ ክነብርሁ ንፈቱ፡፡

ናይ 1986 ናይ ቦሎኛ ፈስቲቫል ካብ ዕለት 2—7 / 8 /1986 ዝኽየድ ኮይኑ፡ ብምኽንያት "25 ዓመት ብረታዊ ቓልሲ ህዝቢ ኤርትራን ኣህጉራዊ ናይ ሰላም ዓመትን" ይበሃል፡፡
ኣብ'ዚ መደባት'ዚ ንህሉው ኩነታት ቓልስናን ገምጋም ናይ 25 ዓመት ተመኩሮኡን ዘንጸባርቑ ዓበይቲ ናይ ሜዳ ኤርትራ መልእኽቲታትን ሰሚናራትን ኪቐርቡ ኢዮም፡፡ ምስ'ዚ ዝተተሓሓዘ ከኣ ናይ ወጻኢተኛታት ማለት ኣፍሪቃውያን ይኹኑ ካልኦት ዚካፈልዎ ዓበይቲ ናይ ባህልን ናይ መዘናግዒን መደባት ኪቐርብ ኢዩ፡፡ ናይ ስፖርት ይኹን ንቓልስና ዘንጸባርቑ ናይ ስነ—ጽሑፍ መደባት እውን ተተሓሒዙ ዝኽየድ ኢዩ፡፡
ኣብዚ ኪንገልጾ እንደሊ፡ እቲ መደባት እዚ ካብ ከነ፡ ከምቲ ገለ ሰባት ዝሓስብዎ ፈስቲቫል ናይ መዘወርን፡ መዕሰልን፡ ናይ መስተ ምዝንጋዕን ዘይኮነስ፡ ፖለቲካዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ነቲ ዝሓለፈ 25 ዓመት ዝተኻፈለ ክቡር መስዋእቲ ዘመጉስን ንቀጻሊ ቓልስን ዘይተርፍ ዓወትን ብምእማን ፍናን ሃገራዊ ካብ ዘብልን ሃገራዊ ሓለፍነት ዘሰክምን ኣጋጣሚ ስለዝኾነ'ዩ ናይ ዕረፍቲ መደብ ጥራይ ጌርካ ምውሳዱ ኪኣረም ዘለዎ ገጉይ ኣተሓሳስባ ኢዩ፡፡

ካብ'ቲ ብተኻፈልቲ ኪዝከር ዘለዎ ኣገደስቲ ነጥብታት

1. ንቦሎኛ ኣብ ፈስቲቫል ናይ ምክፋል መደብ ዘለዎም ሃገራውያን፡ ኣብ'ቲ ዚርከቡሉ ሃገር ኣትቐውም ከሚቲ ኪምዝገቡ ይገባእ፡፡ ኣብ ቲንዳ ዚድቅሱን ኣብ ሆቴል በታ ዘድልዮምን ብሞ ፍልሰይ ከኣ ብዝደንጉየ ከባብ መወዳእታ ወርሒ ሰነ ክፍልጡ ይገባእ፡፡ እዚ ነቲ ኣነዓልቃ መደባት ኣቐዲምና ንኽነጸፍፍ ሓጋዚ ስለዝኾነ ብዘይምድጋይ ተበገስታት ይውሰዱ፡፡
2. ደቢፕሊን ካብ ዝሓለፈ ዓመት ብዝያዳ ንኽኽበር ሓደ ካብ'ቲ ዓበይቲ ስራሓትና ስለዝኾነ ኣብ ኩሉ ዚኽየዱ መደባት ሰዓታት ኪኽበር ፡ ብቲ ኣሰናዳኢት ከሚቲ ዘውጽኦ መምርሒታት ምኽባር ናይ ነብስ—ወከፍ ተሳታፊ ግቡእ ይኸውን፡፡ ነዚ ዘየኽብር ከኣ ዘድሊ ምቕጽጻር ይግበረሉ፡፡
3. ብዘይካ ኣብቲ ዝተመደበ ባር፡ መስተ ብደገኻ ገዚእካ ብጠራሙዝ ተኣኪብካ ምስታይ ክልኩል ስለዝኾነ ነዚ ዚጥሕሱ ዘድሊ ምክትታል ይግበረሎም፡፡
4. ኣብ ቲንዳ ንዚድቅሱ፡ ሎሚ ዓመት ከበርታ ስለዘይህሉ፡ ዘድልዮም ስሊፐንግ ባግ ይኹን ካልእ መጸፍዒዖም ኪመጹ ካብ ሕጂ ነተሓሳስብ፡፡
5. ምስ ጸሳኢ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ንዝተሓባበሩ፡ ኣብ'ዚ ኣጋጣሚ'ዚ በታ ከምዘይበሎም ካብ ሕጂ ክነፍልጦም ንደሊ፡፡
6. መደብ ፈስቲቫል ብበሪሑ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ኪዝርጋሕ ኢዩ፡፡

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ቦሎኛ 1985 ንጡፍ ተኻፋልነት ኣብ ስራሕን ዲሲፕሊን ምኽባርን መደባትና ብገቡእ ንኪኽየዱ ተወሳኺ ሓጋዚ ስለዝነበረ፡ ነዚ ዝተራእየ ምዕባለ ብዝያዳ ከምዝድፍኣሉ እና ኣዘኻኽርና፡ ኣብ'ዚ ብሪሕ ኣጋጣሚ'ዚ ንኹሉ ኤርትራዊ ንዕድም፡፡